እቲ ጉዕዞ

ILLUSTRATED BY;
JENNY SJÖDIN

UNHCR
The UN Refugee Agency

TELLING THE REAL STORY

ኣዚ መጽሓፍ'ዚ ብፕሮጀክት ሓቀኛ ታሪኽካ ምንጋር 'Telling the Real Story' ናይ ሓበሬታን ዛንታትን ምስናድን ምጉስጓስን ኮይኑ ናብ ኣውሮጳ ዘቅንዑ ኤርትራውያንን ሶማላውያንን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዘተኮረ እዩ። ዕላማ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ከማኹምን / ከማኽንን ናኣሽቱ ቅኑዕ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቶም ነቲ ጉዕዞ ዝሓለፍዎ ሰባት ቅድምን ድሕርን፤ እቲ ጉዕዞን ሽግራቱን እንታይ ከም ዝመስል ንምሕባር እዩ። ኣዚ ሓበሬታ'ዚ ጠቓምን ነዚ ሓደገኛ ጉዕዞ ንምጅማር ኣብ ምሕሳብ ንዘለኹም ኣብ ቅኑዕ ሓበሬታ ዝተሞርከሰ ውሳኔ ኣብ ምውሳድ ክሕግዘኩም ተስፋ ንገብር።

www.tellingthetherealstory.org

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ሕቡራት መግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት 2016 ተዳልዩ።

ጽሑፈት መሰል ደራሲ© (Text copyright ©) UNHCR 2016
ስእሊ መሰል ደራሲ© (Illustration copyright ©) Jenny Sjödin 2016

www.unhcr.org

እቲ ጉዕዞ

ILLUSTRATED BY: JENNY SJÖDIN

ልዋም እበሃል፡፡ ዕድመይ 12 ዓመት እዩ፡፡ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ምጭውቲ ከተማ ኤርትራ ተወሊደ፤ ኣብኣ ከኣ ዓብየ፡፡

እንተኾነ ግን ብዙሓት ሰባት ንከተማና ሓዲጎም ክወጹ ጀመሩ፡፡ ሓያሎ መማህርተይ ስለ ዝወጹ ደጊመ ክርእዮም ኣይከኣልኩን፡፡

ናበይ ከይዶም ኢለ ሐተትኩ። ዶብ ሰጊሮም ከይዶም ኢሎሙኒ።

ኩሎም መታዓብይተይን ኣዝማደይን ከይዶም። እታ ዝፈትዋ ሰላም ማሓዛይውን ከይዳ።

ቤት ትምህርቲ ምኻድ ንባዕሉ ኣሸጋሪ እናኾነ መጺኡ፡፡ ክፍልና ዳርጋ ጥርሑ እዩ ተሪፉ ኔሩ፡፡

ወለደይ ሕርብት በሎም፡፡ ከረጋግኡኒ ከኣ ፈተኑ፡፡ እንታይ ይሓስብ ምንባረይ ኣይጠፍኦምን፡፡ እወ...ከመይ ጌረ ዶብ እሰግር ጥራይ እየ ዝሓስብ ኔረ፡፡

በይነይ ክተርፍ ፈጺመ ኣይደለኹን፡፡

ብዛዕባዚ ግና ንማንም ኣይነገርኩን፡፡

ንዓባየይ ክሪኣ ኢለ ንወለደይ ፍቓድ ሓተትኩዎም፡፡ ኣጸቢቐ ከኣ ተዳሎኹ፡፡ እኹል ክዳውንትን ካልእ ዘድልየኒ ነገራትን ኩሉ ጠራነፍኩ፡፡ ኣደይ እዚ ክገብር ምስ ረኣየት ተሻቐለት፡፡ መታን ከረጋግኣ ኢለ ድማ ሓሰኹ፡፡

እወ....ሓንሳብ ኣንቂደ እየ፡፡

ንድሕሪት ዘብሎ የብለይን፡፡



ናብታ ዓባየይ እትነብረላ ገጠር ከድኩ፡
፡ ግና ኣብታ ገጠር እውን ሰብ ዝበሃል
ኣይረኸብኩን፡፡ ብዘይካ ቆልውን
ኣረገውትን ካልኦት ዶብ ሰጊሮም
ምንባሮም ፈለጥኩ፡፡

ግና ኣዝየ ሓረቅኩ ፡፡ ሽውሃተይ ተዓጽወ፡፡ ክዳውንቲ ክሓጽብን ሩዝ ክዳሉን እየ ዝውዕል ኔረ፡፡

ሓደ መዓልቲ ክሳብ ሰዓት ሸሞንተ ዝኸውን ን ዓባየይ ቆነንኩዋ፡፡ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ክነሳግረኪ ዝብሉ ክልተ ሰብኡት ከኣ ረኺብኩ፡፡

ንዓባየይ ኣይነገርኩዋን፡፡

ኣጸቢቑ ምስ መሰየ ተበገስና፡፡ ግብ ዝበለ ጸልማት እዩ ኔሩ፡፡ እቲ ዶብ ከኣ ኣዝዩ ርሑቕ እዩ፡፡ ንብዙሕ ሰዓታት ተጓዓዝና፡፡ መግቢ ካብ ዝበልዕ ሓያሎ ሰዓትት ስለዝሓለፈ ደኺምኩ፡፡

ሓደጋ ኣሎ ክበሃል ሰሚዐ ኔረ እየ፡፡ ኣራዊት ኣለዉ፤ ጥሜት ጽምኢ ኣሎ ክባሃል ሰሚዐ እየ፡፡

ግና ዝመጸ ይምጻእ ቆሪጸ እየ ዝነበርኩ፡፡ ጉዕዞይ ከኣ ቀጺልኩ፡፡ ዓቐበትን ቁልቁለትን ደየብናን ወረድናን፡፡

ክሳብ ብድኻም ረፈጥ ንብል ተጓዓዝና፡፡

ንምሸቱ ኣብ እግሪ ጎቦ ሓደርና፡፡

ምስ ወገሔ እኩባት ሰባት ረኺብና። ካበይ ከምዝመጻና ሓቲተሙና። ናብ ውሑስ ቦታ ክንወስደክን ኢና ኢሎሙና። ብጣዕሚ ፈራሕኩ። ሕማቓት ሰባት ንደቂ ኣንስትዮ ጨውዮም ከምዝወስዱ ሰሚዐ ኔረ እየ ። ኣብ ልዕሊኤን ሕማቕ ነገራት ከምዝፍጽሙውን ተነጊረ'የ ። ሓደ ግዜ ተጨውየን ዘይተመለሳ ደቂ ኣንስትዮ ከምዘለዋ እፈልጥ'የ ።

ብድኻም ተሰኒፍና ስለዝነበርና ኣይንኽልን ኢና ኔርና። ነቶም ናብ ውሑስ ቦታ ክነብጻሓክን ዝበሉና ኣሚናዮም። ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረናን። ናብ ማዓስከር ስደተኛታት ክነብጻሓክን ኢና ኢሎሙና።

ናብ ማዓስከር ስደተኛታት ብሰላም ምስበጻሕና ተጻናኒዐ።

ኣብቲ መዓስከር ስደተኛታት ብዙሓት ከማይ ቆልዑ ረኽብኩ፡፡ ገሊኦም ንኣውሮጳ ክኸዱ ዝደልዩ እዮም፡፡ ኣነ ንባዕለይ ብዛዕብኡ ምሕሳብ ጀመርኩ፡፡

እንተኾነ ብዛዕባ እቲ ጉዕዞ ዘፍርሑ ዛንታታት ሰማዕኩ፡፡
ብዙሓት ቆልዑን ዓበይትን ከም ዝተሰወሩ ከኣ ተረዳእኩ፡፡

ኣብ ምድረበዳ ሰሃራ ንብዙሕ መዓልታት ከም እትጎዓዝ ሰማዕኩ፡፡
ኣብኡ ጥሜትን ጽምእን ኣሎ፡፡ ካብ ጸሓይ ትኽወለሉ ጽላል እውን
የለን፡፡ ብዛዕባዚ ኹሉ ሓደጋታት ሰማዕኩ፡፡ ሕሱማት ዕጡቓት ከኣ
ኣለዉ ንዓኻ ኣሲሮም ንወለድኻ ገንዘብ መፍትሒ ዝሓቱ፡፡ ዎ!!!!

እዚ ፍጹም ኣብ ምጥርጣር ኣእተወኒ፡፡

ሎሚ ኣብቲ መዓስከር ስደተኛታት ትምህርተይ እከታተል ኣሎኹ፡፡ ብዙሓት ኣዕሩኽ ከኣ ረኺበ፡፡ ሓቢርና ንጻወት፡ ንዋዘን ንስሕቅን ፡፡

ሳሕቲ ገለ ካባና ንነዊሕ እዋን ይቦኽሩ፡፡ ጸኒሑ ኣውሮጳ ንምእታው ጉዕዞ ከም ዝኸዱ ንሰምዕ፡፡

ዝፈትዋ መሓዛይ ሰላም ካብ ኣውሮጳ ደብዳበ ልኢኻትለይ፡፡

ኣብ ምድረበዳ ንሓያሎ መዓልታት ከም እተጓዕዙ ነጊራትኒ፡፡ ኣብ ሓንቲ ብሰብ ጽቕጽቕ ዝበለት መኪና ብልዑል ናህሪ ይጎዓዙ ምንባሮም ድማ ወሲኻ ኣዕሊላትኒ፡፡ እቲ መንገዲ ሓላፍ ዘላፍ ስለዝነበረ ገሊኦም ካብታ መኪና ይወድቁ ኔሮም፡፡ እቲ ኣውቲስታ ከልዕሎም ኢሉ መኪናኡ ደው ዘይምባሉ ድማ ከም ዘገረማ ነጊራትኒ፡፡

ኣብቲ ምድረ በዳ ሰላምን እቶም ካልኦት ተጓዓዝትን ብቁንጣሮ መግብን ማይን ኣብ ሓደ ገዛ እዮም ተዓሺጎም ኔሮም፡፡ እቲ ገዛ ሰለስተ ናእሽቱ መሳኹቲ ኣለዎ፡፡ 200 ዝኾኑ ከኣ ኣብኡ ተጨቓጪቖም ይሓድሩ ኔሮም፡፡ ሃሩር ዝለዝኾነ ከተተንፍስ ከቢድ እዩ፡፡ ንሓድሕዶም ከዕልሉ ይፍቀዶም ኣይነበረን፡፡ እቶም ኣሳገርቲ ምስ ብረቶም ከም ኣራዊት ሕኒን እናበሉ ይጸናጸንዎም ኔሮም፡፡

ፍርሂ ኣብ ከብዱ ዘይኣተዎ ኣይነበረን፡፡

ድሕሪ ቁሩብ ማዓልታት ጸቒጦም ጸቓቒጦም ኣብ ሓንቲ ዓባይ መኪና ሰቒለሙና። ንነዊሕ ማዓልታት ድማ ተጓዓዝና። ዝብላዕ መግቢን ዝስተ ማይን ኣይነበረን። ብርቱዕ ናይ ጻሓይ ሙቐት ኔሩ። ገለ ካብቶም ምሳና ኣብታ መኪና ዝነበሩ ብጥምየትን ብጽምእን ሞይቶም።

ንምሉእ ማዓልቲ ምስ ተጓዕዘት ሰላም ንፈለማ ግዜ ጽቡቕ ባሕሪ ረኣየት፤ ብፍርሒ ግን ተዋሕጠት።

ሰለስተ መዓልታት ምስ ተጸበዩ ኣብ ሓንቲ ጃልባ ፕላስቲክ ተሳፈሩ፡፡ እታ ጃልባ ንእሽቶ እቶም ተሳፈርቲ ከኣ ኣመና ብዙሓት እዮም ኔሮም፡፡

ንክልተ መዓልታት ኣብቲ ባሕሪ ተጓዕዙ፡፡ ኣብ ሳልሳይ መዓልታ እታ ጃልባ ኣብ ማእከል ባሕሪ ደው በለት፡፡ ኣውያትን ዋጭዋጭታን ኮነ፡፡ ዝስተ ማይ ተወዲኡ ዝብላዕ ዝበሃል ከኣ ኣይነበረን፡፡

ሸው ብዛዕባ ልዋም ጥራይ ትሓስብ ምንባራ ኣዕሊላታ፡፡ ሕጂ ልዋም ኣብ መዓስከር ስደተኛታት እንታይ ኮን ትገብር ትህሉ ትበልዕን ትሰቲን’ዶ ኣላ፡፡

ሰላም ብዛዕባ እቶም ኣብ ባሕሪ ዝጠፍኡ ህጻናት ዝሰምዓቶ ዛንታታት ዘከረት፡፡ ፍርህን ሓዘንን ተሰምዓ፤ እዚ ድዩ መወዳእታይ ክኸውን ኢላ እውን ሓሰበት፡፡

መወዳእትኡ ኣብቲ ባሕሪ መርከብ ተራእየት፡፡ ናብኦም ገጻ ከኣ ክትመጽእ ጀመረት፡፡ኩሉ ተንሲኡ ድምጹ ከስምዕ ፈተነ፡፡

እቲ ምንቅስቓስ ነታ ጃልባ ኣዛዘዋ፡፡ ሰላም ከይሓሰበቶ ናብቲ ባሕሪ ኣተወት፡፡ ኩሉ ሰብ ብፍርሂ ተዋሕጠ፡፡

ሰላም ከይትጥሕል ብዝከኣላ ፈተነት፡፡ ኣዝዩ ዘፍርህ ኩነታት እዩ ኔሩ፡፡



ሃንደበት ብብርቱዓት ቀላጽም ተጸይራ ካብ ምጥሓል ደሓነት፡፡

ናብታ ዓባይ መርከብ ወሲዶም ከኣ ዝብላዕን ዝስተን ሃቡዋ፡፡ኣብ ምዉቕ ዝበለ ቦታ ድማ ኣደቀሱዋ ።

ድሕሪ ክልተ መዓልታት ኣውሮጳ ኣተወት፡፡

እቶም ኣስገርቲ ብዛዕባ ሰባት ግዲ የብሎምን፡፡ ብዛዕባ ገንዘብ ጥራይ እዮም ዝሓስቡ፡፡ ብዙሓት ደቂ ዓደይ ከም ናይ ሰላም ጉዕዞ ክገብሩ ፈቲኖም ግና ብእኡ ቢሎም ተሰዊሮም፡፡ እንታይ ከም ዘጋጠሞም ዝፈልጥ ዋላ ሓደ የለን፡፡ .

ሰላም ብርቱዕ ናፍቖት ከም ዘለዋን ስድራኣ ከም እትናፍቖን ኣዕሊላትኒ፡፡ ኣብ ኣወሮጳ ሰባት ዝዛረብዎ ኣይርድኣካን፡፡ ኩሎም ብታህዋኽ እዮም ዝንቀሳቐሱ፡፡ ክሳብ ሕጂ ትምህርቲ ኣይጀመረትን፡፡ መኣስ ከም እትጅምር እውን ኣይትፈልጥን፡፡

ካብ ሰላም ዝተቐበልክዋ ደብዳቤ ክመሃር ምኽኣለይ ኣዝየ
ዕድለኛ ምዃነይ ክፈልጥ ሓጊዙኒ እዩ፡፡ ኣብ ዓቢ ዩኒቨርሲቲ
ክኣቱን መምህር ክኸውንን እየ ዝምነ፡፡

ሓደ መዓልቲ ምስ ሰላም ክንራኸብ ኣዝየ እምነ

ኣታ ናይ ቀረባ ማሓዛ ልዋም ሰላም ነቲ ሓደገኛ ጉዕዞ ንኤውሮፓ ክትከዶ ወሰነት።

ሓንቲ ማዓልቲ ልዋምውን ክትከየድ እያ። ልዋም ካብ ማሓዛኣ ሰላም ደብዳበ ተቀበለት። ኣቲ ጉዕዞ ንኣውሮጳ ብጣዕሚ ሓደገኛ ሙኻኑ ገለጸትላ። ልዋም ንነብሳ ኪትሓታ ጀመረት። ኣሞ ልዋም ንነብሳ ኣብ ሓደጋ ኣውዲቓ ነዚ ጉዕዞዚ ትጅምሮዶ ትኸውን?